# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 35 ዓመት ቁ.72 | ሰንበት 23 ሕዳር 2025 | ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 2
ዜና

ገጽ 3

ዘሎ'ዩ ዝሕመ

ገጽ 4
ጽልዋ ተጻዋርነት ጸረ-ታህዋስያን ኣብ ጥዕናን ቍጠባን ኣከባብን



ገጽ 5

እቲ ኻልእ ገድሊ ንናጽነት ጉጅለ ባህሊ ቀያሕቲ ዕንባባ

ገጽ 7

ዘርኣይ ደረስ

## ሽፈነ ክታበት ህጻናት ልዕሊ 98 ሚእታዊት ምብጽሑ ተገሊጹ

ኣብ ሃገርና፡ ሽፈነ ክታበት ትሕቲ ሓደ ዓመት ህጻናት ልዕሊ 98 ሚእታዊት ከምዝበጽሐ፡ ኣብ ሚኒስትሪ ጥዕና ሓላፊ ሃገራዊ መደብ ክታበት ኣቶ ቴድሮስ ይሕደጎ



ገሊጹ።

ኣብ ዝሓለፈ ናይ ናጽነት ዓመታት ኣብ'ዚ መዳይ'ዚ ብዝተኻየደ ጻዕሪ፡ ሕማማት ፖልዮ፡ ቴታኖስ፡ ኣንቅጺ፡ ንፍዮን ሮታ ቫይረስን ካብ ምቍጽጻር ናብ ደረጃ ምጥፋእ በጺሖም ምህላዎም ዝጠቐሰ ኣቶ ቴድሮስ፡ እዞም ሕማማት ካብ ጎረባብቲ ሃገራት ኣትዮም ደግሲ ንኸየጋጥም፡ ብምድሪ፡ ወደባትን መዓርፎ ነፈርትን ምቍጽጻር ከምዝግበር፡ ኣብ ኩሉ ኣቝጣታት ድማ ጽዑቕ ምክትታል ከምዝካየድ ኣረዲኡ።

ኣብ ከባቢ ዶባት ኣብ ዝርከባ ንኡስ ዞባታትን ምምሕዳራት ከበቢን ድማ፡ ኣብ'ተም ኣስጋእቲ ዝኾኑ ሕማማት ዘተኮረ ክታበት ብመልክዕ ወፍሪ ከምዝካየድ ብምሕባር፡ ሎሚ ዓመት ኣብ 27 ንኡስ ዞባታት ደቡብን ጋሽ-ባርካን ወፍሪ ክታበት ፖልዮን ንፍዮን ከምዝተኻየደ ኣብሪሁ።

ብዘይካ'ዚ፡ ካብ ወርሒ ነሓሰ 2025 ኣትሒዙ ኣብ ኩለን ዞባታት ክታበት ነድሪ ጸላም ከብዲ፡ ከምኡ'ውን ክታበት ቫይረስ ሄፓታይትስ "ቢ" ይካየድ ምህላዉ ዝገለጸ ኣቶ ቴድሮስ፡ እዚ ነቲ በብዓመቱ እናወሰኸ ክመጽእ ዝጸንሐ ካብ ነፍሰጾራት ናብ ዕሸላት ዝመሓላለፍ ሕማም ቫይረስ ሄፓታይትስ "ቢ" ንምክልኻል ዝዓለመ ምዃኑ ሓቢሩ።

ሚኒስትሪ ጥዕና ኣብ 2024 ኣብ ዝገበሮ መጽናዕቲ፡ ካብ'ተን ክትትል ቅድመ-ሕርሲ ዝገብራ ኣዴታት ኣስታት 3 ሚእታዊት ተሰከምቲ ቫይረስ ሄፓታይትስ "ቢ" ኮይነን ምጽንሐን ብምጥቃስ፡ ህጻን ምስ ተወልደ ኣብ ውሽጢ 24 ሰዓታት ዝወሃብ ክታበት ምትእትታው እዚ ንምግታእ ከምዝሕግዝ ኣረዲኡ።

ኣቶ ቴድሮስ ኣብ መወዳእታ፡ ምትእትታው ክታበት ጸረ-ዓሶን ኣዮጚዊ ረሳሕን ምውዳብ ወፍሪ ክታበት፡ ከምኡ'ውን ምክትታልን ምክልኻልን ስግረዶባዊ ሕማማት፡ ገለ ካብ ናይ መጻኢ መደባት ምዃናም ሓቢሩ።

## ኣመሓዳሪ ዞባ ጋሽ-ባርካ፡ ገስጋስ ኣብ መስርሕ ህንጻት ዝርከባ ትካላት ተዓዚቡ



ኣመሓዳሪ ዞባ ጋሽ-ባርካ ኣምባሳደር ማሕሙድ ዓሊ ሕሩይ፡ ኲናት ናይ'ተን ኣብ ንኡስ ዞባታት ሞልቀ፡ ሻምብቆን ፎርቶ-ሳዋን ዝህነጻ ዘለዋ ትካላት ማሕበራዊ ኣገልግሎትን ዝወሰኽ ዘሎ ክፍልታት ትምህርትን ተዓዚቡ።

እቲ ዑደት፡ ብምውህሃድ ህዝቢ፡ ምምሕዳር ዞባን ኣሃዱታት ሓይልታት ምክልኻልን ዝሰላሰል ዘሎ መስርሕ ህንጸት ኣብያተ-ትምህርቲ ጀሚሩ ብሸኻኒ፡ ማእከል ጥዕና ሻምብቆ፡ መጸበዪ ነፍሰ-ጾራት ቢንቢና፡ መዋእለ ህጻናት ኣደባራ፡ ከምኡ'ውን ቤት-ትምህርቲ ሸንግርብት ዘጠቓለለ ነይሩ።

ኣምባሳደር ማሕሙድ ኣብ ዑደቱ፡ ብዝዕባ ሓፈሻዊ ኩነታት ናይ'ቲ ስራሕ መብርሂ ካብ'ዞም ኩሎም ተወሲዱ ዘሎ ተበግሶታት ክሕየል ብምዝኽኻር፡ ንተራን ኣበርክቶን ህዝብን ሓይልታት ምክልኻልን መጕሱ።

ኣብ መወዳእታ ድማ፡ ኣብ ዝተፈላለየ ከባቢታት ዞባ ጋሽ-ባርካ ብህዝብን ሓይልታት ምክልኻልን ዝዕመም ዘሎ ልምዓታዊ መደባት ንምድንፋዕ ምምሕዳር ዞባ እጃሙ ከምዘበርክት ኣረጋጊጹ።

## ኤርትራዊት ተመሃሪት፡ ዕውትቲ 'ሸንሞ ኣባከስ ኣፍሪቃ' ኰይና

ኤርትራዊት ተመሃሪት፡ "ምሕያል ኣእምሮ ንኣሸቱ ወለዶ፣ ምስጋር ሕልሚ ኣፍሪቃ" ብዝብል ቴማ፡ ኣብ ኪጋሊ - ሩዋንዳ ኣብ ዝተቓንዐ ካልኣይ 'ውድድር ሸንሞ ኣባከስ ኣፍሪቃ - 2025'፡ ካብ ምድባ ቀዳመይቲ ብምውጻእ ተሸሊማ።

ኣብ ቤት-ትምህርቲ እምባዛራ ተመሃሪት 10ይ ክፍሊ ዝኾነት ወጋሕታ ተኽለዝጊ፡ ብደረጃ ኣፍሪቃ ኣብ መንጎ ካብ 35 ሃገራት ዝመጹ ተመሃሮ ኣብ ዝተኻየደ ውድድር፡ ንልዕሊ 350 ተመሃሮ ረቲዓ'ያ እዚ ዓወት'ዚ ተጓናጺፋ።



ተመሃሪት ወጋሕታ፡ ኣብ 'ሸንሞ ኤርትራ' ብዘገዝበረቶ ክእለት'ያ፡ ኣብ'ዚ ውድድር'ዚ ክትሳተፍ ክኢላ።

ውድድር 'ሸንሞ ኣባከስ ኣፍሪቃ'፡ ክእለት ቅማረ ኣባከስ' ኣብ ኣፍሪቃውያን ተመሃሮ ንምትብባዕ፣ ምዕባለ ግንዛበ ተመሃሮ ንምሕያል፣ ከምኡ'ውን ርእሰምትእምማንን ተመሳጦን ተመሃሮ ኣብ ሕሳብ ንምዕባዝ ዝብል ዕላማታት ኣለዎ።

ቀዳማይ ውድድር 'ሸንሞ ኣባከስ ኣፍሪቃ' ኣብ 2023 ብዘሳትፎ 29 ሃገራት ኣፍሪቃ ኣብ ናይጀርያ ተኻዪዱ ምንባሩ ይፍለጥ።

ኣብ 1998 ኣብ ቤጂንግ - ቻይና ዝተመስረተ 'ትምህርቲ ሸንሞ'፡ ብደረጃ ዓለም ልዕሊ 8 ሽሕ ጨናፍር ኣለዎ።

## ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን፡ 40 ኣባላቱ ኣሰልጢኑ

ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ኣብ ማሕበራዊ ድሕነት ዘተኮረ ናይ 10 መዓልታት ስልጠና ክህቦም ዝጸንሐ ካብ ጨናፍር ዞባታት ዝተዋጽኡ 40 ኣባላቱ ብ20 ሕዳር ኣመሪቑ።

ኣወሃሃዲ ናይ'ቲ ስልጠና ዳይረክተር ጨንፈር ድሕነት ቈልዑን ስድራቤትን ኣቶ ተስፋ ሰለሙን ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ እቲ ስልጠና - ኮማዊ ሰረት ተሃድሶን ልምዓትን፣ መሰላት ቈልዑ፣ ኣገዳስነት ክብሪ መዝገብ፣ ምንካይ ሓደጋታት፣ ከምኡ'ውን ክሊማዊ ለውጥን ሳዕቤናቱን ዝርከቦ 15 ኣርእስታት ዝሸፈነ ምንባሩ ሓቢሩ።

ሚኒስተር ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ወ/ሮ ልኡል ገብረኣብ ብወገና፡ ሰልጠንቲ ንዝቐሰምዎ ፍልጠት ብዝበራዊ ዕዮ ከምዝዕበልዎን ናብ መዛኑኦም ከሰጋግርዎን ኣዘኻኺራ።

ብኻልእ ወገን፡ ኣብ ዞባ ማእከል - ንኡስ ዞባ በሪኽ ጉዳም ሱግቡቦዊ ሰለሙን ድራር፡ ንኣስታት 900 መንእሰያት ሰራሕተኛታት፡ "ተራ ሱግቡብ ኣብ ታሪኽ ብረታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ" ብዝብል ኣርእስቲ ብ19 ሕዳር ሰሚናር ኣካዪዱ።



ሰኣሊ፡ ዮውሃንስ መብራህቱ

# ሰንዓፈ - ኣብ ኣጠቓቕማ መድሃኒት ጸረ-ታህዋስያን ኣስተምህሮ ተዋሂቡ

ኣብ ንኡስ ዞባ ሰንዓፈ፡ ብምኽንያት ዓለምለኻዊ ቅነ ምብራኽ ንቕሓት ኣብ ተጻዋርነት መድሃኒት ጸረ-ታህዋስያን፡ ኣብ ኣጠቓቕማ መድሃኒት ጸረ-ታህዋስያን ዘተኰረ ገስጋስ ተኻዪዱ።

ኣብ'ቲ ብ18ን 19ን ሕዳር ንሰራሕተኛታት መንግስትን ምስ'ቲ ዓውዲ ቅርበት ዘለዎም ኣካላትን ዝተዋህበ ኣስተምህሮ፡ ብበዓል ሞያ ዘይተኣዘዘልካ መድሃኒት ጸረ-ታህዋስያን ምውሳድ፣ ኣብ ዝኣዘዘልካ መድሃኒት ድማ ሽሉልትነት ምርኣይ ሳዕቤኑ ከቢድ ከምዝኾነ ዝሓበረ ሓላፊ ኣገልግሎት ጥዕና ኣቶ ኣሰር ኣልኣዛር፡ ዜጋታት ኣብ ኣጠቓቕማ፡ ኣተዓቓቕባን ባህርን መድሃኒት ንዘዋህቦም ሞያዊ ምኽሪ ብዕቱብ ክተግብሩ ተላቢዩ።

“ሕማመይ ቀሊል'ዩ” እናተባህለ ብዘይ ኣፍልጦ ሰብሞያ ጥዕና - ዘይተኣዘዘልካ መድሃኒት ምውሳድ ክወገድ፣ ብመንገዲ ቤተሰብ ይኹን ዓርከመሓዛ ካብ ወጻኢ ዝለኣኽ መድሃኒት ቅድሚ ምጥቃምካ ድማ ንበዓል ሞያ ምውካስ ክልመድ ዘዘኻኸረ ኣቶ ኣሰር፡ መድሃኒት ጸረ-ታህዋስያን ብሰሽኪ ባዕላዊ ፍወሳን ምኽሪ ሰብ ሞያ ብዘየገድስ ዘይምትግባርን፡ ኣድማዕነት ፈዋስነቱ ኣብ ሓደጋ ኣትዩ ከም ዝርከብ ኣገንዚቡ።

ኣብ ሆስፒታል ሰንዓፈ ክኢላ ስሩ-መድሃኒት ኣቶ ጺጋይ ወልደገብርኤል ብወገኑ፡ ዘይውሑስ ተጠቃምነት መድሃኒት ጸረ-ታህዋስያን ተጻዋርነት ስለ ዘማዕብል፡ ዜጋታት ነዚ ብዘየገድስ ተረዲኦም ጥንቃቐ ክገብሩ ኣተሓሳሲቡ።

ሓኪም እንስሳ ኣቶ ዘርእሰናይ ተኽለ ብወገኑ፡ ሽሉልትነትን ግጉይ ኣጠቓቕማ ጸረ-ታህዋስያን መድሃኒትን ኣብ ጥዕና ጥሪት'ውን ከቢድ ሳዕቤናት ስለ ዘውርድ፡ ኣብ ኣጠቓቕማ መድሃኒት ዕቱብነት ክህሉ ኣተሓሳሲቡ።

ሚኒስትሪ ጥዕና ምስ ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ሚኒስትሪ መሬት፡ ማይን ኣከባብን፡ ከምኡ'ውን ትካላት ሕቡራት ሃገራት ኣብ ኤርትራ ብምትሕብባር፡ “መጻኢ ፈዋስነት ጸረ-ታህዋስያን ንምውሓስ፡ ሎሚ ንስራሕ!” ብዝብል ቴማ፡ ክሳብ 24 ሕዳር ኣብ መላእ ሃገር ዝቕጽል ዓለምለኻዊ ቅነ ምብራኽ ንቕሓት ኣብ ተጻዋርነት መድሃኒት ጸረ-ታህዋስያን ካብ 17 ሕዳር ምብጋሱ ዝዝከር'ዩ።



ስእሊ. መሓመድ ኣይፈራሕ

# ሃ/ኮ/ሰ/ኤ ኣብ ምሕያል ውዳበታት ዘተኰረ ዘተ ኣካዪዱ

ሃገራዊ ኮንፈደረሽን ሰራሕተኛታት ኤርትራ፡ ሓለፍቲ ክፍልታት፡ ፈደረሽናት ሰራሕተኛታትን ኣብያተ-ጽሕፈት ሃ/ሰ/ኤ ኣብ ዞባታትን ዝተሳተፍዎ፡ ኣብ ምሕያል ውዳበታት ዘተኰረ ዘተ ብ20 ሕዳር ኣብ ኣስመራ ወዲቡ።

ኣብ'ቲ ገምጋም ንጥፈታት ምውዳብ ብደረጃ ሃገር ዝተዘርዘረሉ ኣጋጣሚ፡ ምኽትል ዋና ጸሓፊ ሃ/ሰ/ኤን ሓላፊ ክፍሊ ውዳበን ኣቶ ክብርኣብ ኪዳኑ፡ ኣብ መስርሕ ምውዳብ ዘጋጥም ዕድላትን እዋናዊ ብድሆታትን ብዝርዝር ኣቕሪቡ።

ብዘሓለ ዝተወደቡ ሰራሕተኛታት ካብ ናይ ዝሓለፈ ሓሙሽተ ዓመታት ብልዕሊ 44% ዕቤት ከምዝርኣየ ዝሓበረ ኣቶ ክብርኣብ ሃብተኤ - ኣዋጅ ሕጊ ዕዮ መስረት ብምግባር፡ ዘይተወደባ ትካላት ኣብ ምልላይን መጸናዕቲ ኣብ ምግባርን ከሰርሕ ተዳልዩ ከምዝሎ ሓቢሩ።

ትሕቲ 20 ሰራሕተኛታት ዝሓዘ ንኣሽቱ ትካላት፡ ሓብረን ጠቕላሊ መሰረታዊ ማሕበር ክምስርታ ስለ ዝኽእላ፡ ኣብ ዝመጽእ ዓመት ኣብ ኩለን ዞባታት ግብራዊ ስጉምታት ክውሰድ ምዃኑ ድማ ብዘውሳኺ ገሊጹ።

ተሳተፍቲ፡ ድሕሪ ዘካየድዎ ዘተ፡ ኣብ ዕቤት ሽፈነ ውዳበ፡ ምውዳብ ኣብ ዘይወግዓዊ ጽላት ዝሰርሑ ሰራሕተኛታትን ኣበርክቶ መሻርኽትን ኣተኲሮም ሓሳብ ሓሳባት ኣቕሪቦም።




## ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

**ዋና ኣሰናዳኢ**

ብርሃነ ምሕረትኣብ

**ምክትል ኣሰናዳኢ**

ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

**ቦርድ ምስንዳእ**

ዮሴፍ ሃይለማርያም

ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል

ተስፋኣለም የማነ

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቍ.ስ 201820 (250)

ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

**ለይ-ኣውት**

ፍርቱና ኤፍሬም ትንሱእ ፍስሃየ

ሳምራዊት ሃብተ ሰሎሜ ኣፈወርቂ

ፋጥና ኣድም

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**

ቍ.ስ.113395-07588045

**ምልክታ**

ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284


# ጋሽ-ባርካ - ውዳበታት ደቂኣንስትዮ ንምሕያል ይሰራሕ

ኣብ ዞባ ጋሽ-ባርካ፡ ውዳበታት ደቂኣንስትዮ ንምሕያል ወጽኢታዊ ስራሕ ከም እተሰላሰለ፡ ጨንፈር ሃማደኤ ካብ 17 ክሳብ 19 ሕዳር ኣብ ባረንቱ ኣብ ዘካየዶ ገምጋም ገሊጹ።

ሓለፍቲ ማሕበር ኣብ ንኡስ ዞባታት ኣብ ዘቕረብኦ ጸብጻብ፡ ገጢ-ገጢ ምሕያል ውዳበታት፡ ድሕነት ኣደን ህጻንን ንምውሓስ፣ ተጠቃምነት መጸበቒ ኣፍሱ ጾራት ንምዕባይ፣ ተሳታፍነት ደቂኣንስትዮ ኣብ ትምህርትን ጥዕናን ክብ ንምባል፣ ከምኡ'ውን ኣበርክቶአን ኣብ ልምዓታዊ መደባት ንምዕዛዝ ዝቐየድ ጻዕሪ እወታዊ ለውጢ የመዝግብ ከምዘሎ ኣብሪሆን።

ንሳተን ኣሰዒበን፡ በብዓዲኡ ዘውሃብ ሞያዊ ስልጠናታትን ኣስተምህሮታትን ዝፈጥሮ ዘሎ ጽልዋ ቀሊል ከም ዘይኮነ ብምጥቃስ፡ ጎደእቲ ልምድታት ብሓፈሻ ክሽቶን መርዓ ትሕቲ ዕድመን ድማ ብፍላይ ንምውጋድ ኣብ ዝዕመም ስራሕ፡ ተራ መሻርኽቲ ክዓዝዝ ኣዘኻኺረን።

ሓላፊት ጨንፈር ሃማደኤ ዞባ ጋሽ-ባርካ ወ/ሮ ደሕደጋ የውሃንስ ብወገና፡ ምስ ናይ ስራሕ መሻርኽቲ ብምውህሃድ ኣድማዒ መደባት ከምእተተግበረ፣ ከምኡ'ውን ተጠቃምነት ደቂኣንስትዮ ኣብ ኣገልግሎት ጥዕናን ትምህርትን ክብ ከምዝበለ ገሊጻ።

ወ/ሮ ደሕደጋ ኣሰዒባ፡ ምሕያል ቁጠባዊ ዓቕሚ ማሕበር ኾነ ጻዕሪ ዝሓትት ዕዮ ስለዝኾነ፡ ልዑል ኣድህቦ ተዋሂቡ ክሰርሓሉ ኣተሓሳሲባ።



# መዘናግዒ

መርሃዊ-ገብረሚካኤል

## ዘሎ'ዩ ዝሕመ

ካብ ዕለታት ሓደ መዓልቲ'ዩ፡ ናብ ሓደ ቦታ ንምብጻሕ ብእግረይ ክጉዓዝ ጀመርኩ። እንተኾነ ግና ኣብቲ ዝሓሰብኩዎ ከይበጻሕኩ ብጽምኢ ማይ ጎረሮይ ክነቕጽን ዓቕለይ ክጽብበን ተፈለጠኒ። ጠንቂ ናይዚ ድማ ንሓይሊ ጸሓይ ግዲ ከይገበርኩ ንጉጠበ ዘናይ ንእስተይን ኣሚነ ዝኾነ ስንቂ ዝኾነ እኽሊ ማይ ክጸውር ዘይምድላየይ ነበረ።

ኣብ ከምዚ ሃዋህው እንከለኹ ግና፡ ሓደ ኣብ ክሊ ዕድመ ሓምሳታት ዝርከብ ሰብኣይ ባዬላን ኣፍራዛን ሒዙ ጉድጓድ ክኹዕት ርአኹ። ብድኻም ተሰኒፈ ብጽምኢ ማይ'ውን ተኻኢለ ስለ ዝበርኩ ናብኡ ቀሪበ ሰላምታ ለገስኩሉ'ሞ፡ ማይ እንተ ሃልዩዎ ቁሩብ ከስትየኒ ለመንክዎ።

እቲ ሰብኣይ ናይቲ ክኹዕቶ ዝጸንሐ ድኻም ንምውጻእ እናሳዓለ፡ "እዋይ ሓወይ ይቕረታ ግበረለይ ማይ ዝበሃል ኣይሓዘኩን። እንተኾነ፡ ኣብ ቀረባ ናይ ሓንቲ ዓዲ በጺሕካ ስለ ዘለኻ ኣብኡ ከይደካ ክትሰትይ ትኽእል ኢኻ" ክብል መለሰለይ።

ድሕሪዚ ኣማስኒ ተፈለኽዎ፡ ንሱ ድማ ጉዳይ ምኹዓቱ ቀጸለ፡ ካብቲ ሰብኣይ ሐደት ሰገምቲታት ምስ ከድኩ፡ ሓደ ዓቢ ሕቶ ኣብ ኣእምሮይ ተመላለሰ። "እዚ ሰብኣይ ስለምንታይ'ዩ ኣብ ጎልጎል ጉድጓድ ዝኹዕት ዘሎ" በልኩ፡ ከምዚ ኢሉ ኩላስብ ድሕሪ ምጽናሕ ምኽንያት ናይቲ ሰብኣይ ንምፍላጥ ክሓተ ወሰንኩ'ሞ፡ ንድሕሪት ተመለስኩ።



ይቕረታ ደኣ ግበረለይ ኣብ መንነ ስራሕካ ይኣቱ ከይህሉ! ግዳስ ንምንታይ ዕላማ ኢኻ ነዚ ጉድጓድ ትኹዕቶ ዘለኻ? ክብል ሓተትክዎ።

ኣብታ ሓመድ ከውጽኣላ ዝጸንሐ ባዬላ ተደጊፉ ኢዱ ብምምልካት፡ "ኣብታ ትርእያ ዘለኻ ዓዲ'የ ዝቕመጥ። ዓድና ጸቡቕ እንተገበርኩ ወዮ ሕማቕ እንተገበርኩ ድማ ዝበደደ መትሓዚ ስኢንሎም። ማለተይ ብዘበርኩዎን ዘይገበርኩዎን ሰመይ ኣምሪሮም ይሓምዩኒ። ብርግጽ ዝበርኩዎ ክፉእ ነገር የለን። እንተኾነ በቲ ኣጻላሚ ዘረባኦም ወትሩ እየ ዝሮኾች። ዋላ'ውን ከም ዘይጉዳየይ ጠሚተ ሸለል ክብሎ እንተ ፈተንኩ፡ ግን ፈጺመ ኣይከኣልኩን። ንሳቶም ወትሩ'የም ዘጸልሙኒ። ኣነ ድማ ከይብለኒ ክብል ከይደቀስኩ'የ ዝሓድር። ዋላ ሰናይ እናገበርኩ ከይብሉኒ እየ ዝብል።"

"ብኸምዚ ሃዊሕየ ተሳቒየ። ሕጂ ግን ኑታ ከይብሉኒ ትብል ሓረግ ጠቕለለ ካብዮ ኣርሒቐ ክቕብራ ስለ ዝደለኹ'የ ጉድጓድ ዝኹዕት ዘለኹ። ዋላ ንሰኻ ንልቢ ክኾኑ፡ ሰቡ እንታይ ይብሉኻ ዘይትሓ፡ ንሰኻ ከመይ ኢኻ እዩ እቲ ሕቶ። ኣብ ቅድሚ ፈጣሪ ቅኑዕ ኴንካ ተረኺብ እምበር፡ ሰቡ ካብ ምፍራድን ምሕማይን ከቋርጹ እዮም ኢልካ ካብ ምሕሳብ ጸሓይ ብምዕራብ ክትበርቕ ምጽባይ ይቐልል" ክብል ዘርዘረለይ። ድሕሪዚ ዝኾነ ዘረባ ከየውጻእኩ ጉዕዞይ ተታሓሓዝኩዎ።

ዝዙሓትና፡ ብኸይብሉኒ ዝበሃል ሕማም ዝተጠቓዕና ኢና። ኣብ ምድሪ ክሳብ ዝሃለና ግድን'ዩ ሰቡ ብዛዕባና ክዛረቡን ክሓምዩና። ምስጢር ናይዚ ድማ ፍሉጥ እዩ፡ ኣብ ዓለም ንዘሎ እምበር ንዝሞተ ወይ ንዘየለ ነገር ኣልዒልካ ምሕማይ ልሙድ ኮይኑ ስለ ዘይጸንሐ እዩ። ስለዚ፡ ኣብ ህይወት ዘሎ'ዩ ዝሕመ። ሕሜታ ህላወኻትካ ተረጋግጸሉ መድረኽ እዩ። እንተሃሊኻ ክትሕመ ድማ ንብር ዘይኮነ ግዴታ እዩ'ሞ፡ ተሓምየ ኢልካ ኣይትሕመም።

## ምሳሕ ምስ ኣምላኽ

ብዕድመ ኣዝዩ ንእሹቶ እዩ። ኣብ ውሽጡ ግና ወትሩ ሓደ ዘተሓሳስቦ ነገር ነይሩ። ንሱ ከኣ ምስ ኣምላኽ ክምሳሕ ዝብል ነበረ። በዚ ማለት ሓደ መዓልቲ ናብቲ ደስ ዝበሎ ከባቢ ብምኻድ ምስ ኣምላኽ ክምሳሕ ወሰነ።



ድሕሪዚ ኣብ ቦርሳኡ ክልተ ሕብስቲ ብምእታው ጉዕዞ ተታሓሓዘ፡ ምስ ሓይሉን ጉልበቱን ኣብ ዝኸደ ርሕቀት ምስ በጽሐ ኣዝዩ ድኻም ተሰሚዕዎ ከዕርፍ ወሰነ። ከባቢኡ ግልጽ ምልጽ ድሕሪ ምባል ከኣ ኣብ ሓንቲ ጽብቕቲ መናፈሻ ኮፍ ኢሉ ሕብስቱ ክበልዕ ቦርሳኡ ከፈተ።

ኣብ ከምዚ ሃዋህው እንከሎ ሓንቲ ዓባይ ሰበይቲ ኣብ ጥቓኡ ብጥሜትን ድኻምን ተሰኒፋ ኮፍ ኢላ ከም ዘላ ኣስተብሃለ። ካብቲ ክበልዖ ዝቐረቦ ሕብስቲ ቀሪሱ ንኸትዕንገል ድማ ኣቕረበላ። እታ ዓባይ ሰበይቲ ብሓልዮት ናይ'ቲ ንእሹቶይ ቈልዓ ኣመና ብምግራም፡ ምስጋናኣ ብፍሽኽታ እናገለጸት ተቐቢላ ክትበልዕ ጀመረት።

እቲ ቈልዓ እታ ሰበይቲ ዘመንጨወቶ ፍሽኽታ ደጊሙ ክርእዮ ደስ በሎ። ብጥዑም ፍቓዱ ድማ ደጊሙ ካብቲ ዝበልዖ ዝነበረ ሕብስቲ ቀሪሱ ሃባ። ሕጂ'ውን እታ ሰበይቲ ድሙቕ ፍሽኽታ ጥራይ ለገሳ ብምስጋና ተቐበሎ።

እቲ ካብታ ሰበይቲ ዝምንጩ ዝበረ ፍሽኽታ ኣዝዩ ስለ ዝሰሓቦን ደጊሙ ክርእዮ'ውን ስለ ዝደለየን ከም እንደገና ሕብስቲ ቀሪሱ ሃባ።

እቲ ቈልዓ በቲ ኢጋጥሚ ኣዝዩ ደስ በሎ። ምሉእ ቀትሪ ከኣ ንሱ ሕብስቲ ቀሪሱ ክህብ እታ ሰበይቲ'ውን ፍሽኽታ ክትልግስ ግዜ ተዓዘሩ። እዚ ኩሉ እናኾነ ግን ኣብ መንጎኦም ብዘይካ ፍሽኽታ ዝሰማዕ ድምጺ ኮነ ዘረባ ኣይነበረን። እቲ ቈልዓ ነዊሕ ሰዓታት ኮፍ ከም ዝበለ ክርደኦ ዝኽእል ጸሓይ ጨራሓ ክዕረብ ምስ ተዓዘበ እዩ።

በዚ ምኽንያት ፍርሒ ክስመዖ ስለ ዝጀመረ ቦርሳኡ ኣልዒሉ ብዘይ ዝኾነ ድምጺ ካብታ ሰበይቲ ተፈልዩ ናብ ቤቱ ክስገም ጀመረ። ቁሩብ ምስ ሰጎመ ግን እቲ ዘሕለፎ ግዜ ስለ ዘደፋፍኦ ንድሕሪት ምልስ ኢሉ ብርኪ ናይ'ታ ሰበይቲ ተሳለመ። ንሳ'ውን ጸባቕ ፍሽኽታኣ ኣመና ከም ዝሱሓቦ ስለ ዝተረደኣት ሓቝፋ ኣብ መንከስከሱ ስዓመቶ። ብኡ ንብኡ ከኣ ተፈላለዩ።

ብዙብዙብ ናብ ቤቱ ዝበጽሐ ቈልዓ ኣብ ገጹ ፍጹም ሓጎስ ሰፊኑ ይርአ ነበረ። ነዚ ዘስተብሃለት ወላዲቱ በቲ ትርኢት ኣዝያ ተገሪመት። "ክሳብ ክንድ'ዚ ተሓጒስካ ርእየካ ኣይፈልጥን፡ እንታይ ኢኻ ረኺብካ? ክትብል ድማ ተወከሰቶ። ንሱ ድማ "ሎሚ ምስ ኣምላኽ ምሳሕ በሊዐ" ኢሉ መለሰ።

ኣስዒቡ ድማ "ማማ ሎሚ ኣብ ህይወተይ ዘርኣዮም ግዜ እየ ኣሕሊፈ። ፈጺመ ርእየዮ ዘይፈልጥ ተሃራፊን ኣደንጻዊን ፍሽኽታ ምስ ዘለዋ ኣደ" ብምባል ኩሉ'ቲ ዝወዓሎ ብዝርዝር ኣዕለላ።

እዚ ከምዚ ኢሉ እንከሎ፡ ብኻልእ ወገን እታ ኣረጊት ሰበይቲ ሓጎስ እናተሰምዓ ናብ ገዝኣ ተመልሰት። ወዳ'ውን በቲ ኣብ ገጻ ዝንጸባረቕ ዝነበረ ናይ ሰላምን ቅሳነትን መንፈስ እናተገረመ፡ "ማማ ሎሚ ደኣ እንታይ ተረኺቡ ኣመና ዝተሓጎስኪ ትመስሊ?" ክብል ሓተተ።

ንሳ ድማ "ሎሚ ምስ ኣምላኽ ኣብ መናፈሻ ሕብስቲ በሊዐ" ኢላ መለሰትሉ። ወዳ ቀድሚ ዝኾነ ዘረባ ምውላኹ ድማ "ኣዝዩ እየ ተገሪመ። ብዕድመ ካብኻ ኣዝዩ ይንእስ። ኣብ ህይወት ዘለዎ ኣረኣእያ ግን ምልኣት ምድሪ'ዩ ዝሸፍን" ክትብል ብዩስታ ድሕሪ ምግላጽ፡ ኩሉ'ቲ ምስቲ ቈልዓ ዘሕለፈቶ ኩነት ዘርዚራ ነገረቶ።

ብዙሕ ግዜ ንሓይሊ ፍሽኽታ፡ ህያው ቃል፡ ሰማዒ እዝኒ፡ ቅንዕና ዝመልኦ ናእዳ ወይ ንእሹቶይ መሰሉ ዝርኣየና ናይ ሓልዮት ተግባር ኣትሒትና ኣይንርእዮን። ምኽንያቱ፡ እዚኣቶም ዝተጠቕሱ ነገራት ኩሎም ህይወት ናይ ምቕያር ዓቕሚ ኣለዎም።

ብልክዕ ኣምላኽ ከመይ ከም ዝመስል ዝፈልጥ ሰብ የለን። ሰብ ናብ ህይወትና ዝመጽኡሉ ምኽንያት፡ ንውሱን ግዜ ወይ ንዕድመ ምሉእ ክኾኑ ይኽእሉ እዮም። ንኩሎም ፍሽኽታ ለጊስና ብምዕራ ክንቕበሎም ድማ ይግባእ። ብኸምዚ ኣገባብ ድማ ንኣምላኽ ኣብና ክርእዩዎ ከም ዝኽእሉ ነስተብህል።

ኣምላኽ ማለት፡ ቃልን ግብርን እምበር ናይ ስጋ ፍጡር ኣይኮነን። ስለዚ ፈጣሪ ዝኾነ ነገር ክትገብረሉ ወይ ክርእዮ እንተኾይኑ፡ ብእግሪ ተጓዒዝካ ክትረኽቦ ኣለካ ማለት ዘይምኻኑ ዘኩር። ኣምላኽ ኩሉ ግዜ ኣብ ግዜን ኩነታትን ዘይቅየድ ብምኻኑ ኣብቲ ንሱ ዝሓሰቦን ዝመደቦን ግዜ ብመንገዲ ዝኾነ ነገር ኣብሉ ክምህረናን ክረኽበናን ከም ዝኽእል ፍሉጥ።

## ካብ መዝገብ ክብረ ወሰን ዓለም

ኣብ ስጳኛ ከተማ ባርሴሎና ዝርከብ ዋንኡት ካቶሊክ ዝኾነ ቤተ ክርስትያን ሳግራዳ፡ ብቑመቱ ዝነውሐ ቤተ ክርስትያን ዓለም ዝብል ክብረ ወሰን ከም ዝሓዘ ይንገር ኣሎ።

ዋና ኣካያዲ ስራሕ ናይ'ታ ቤተ ክርስትያን ዝኾነ ኣንቶኒ ጋውዲ ብሓደ ሸነኽ ናይታ ቤተ ክርስትያን ድሕሪ ዝዘበሮ ወሰኽ እዩ እቲ ቤተ ክርስትያን ዓለም ለኻዊ ክብረ ወሰን ክሕዝ ክኢሉ ዘሎ። በዚ መሰረት ቁመት ናይቲ ቤተ ክርስትያን 162.92 ሜትሮ ከም ዝበጽሐ ይሕበር።

ህንጻ ቤተ ክርስትያን ሳግራዳ ነቲ ቅድሚ ሜትሮ ቁመት ዘለዎ እዩ።

ኣካየድቲን ወሃብቲን ቤት ክርስትያን ሳግራዳ ነቲ ድሮ ክብረ መዝገብ ሒዙ ዘሎ ህንጻ፡ ካብዚ ዘለዎ ንላዕሊ ንምውሳኽ ኣብ ዝመጽእ ወርሒ ናብ 172 ሜትሮ ክብ ናይ ምባል መደብ ሒዞም ይሰርሑ ምህላዎም ይንገር። በዚ መንገዲ ድማ እቲ ህንጻ መዓርግቲ ኣልቦ ህንጻ ክኸውን ዘሎ ተኽእሎ እናዓበየ ይመጽእ ከም ዘሎ መርበብ ሓበሬታ ኣሶሸይትድ ፕረስ ይሕብር።

ወናኒ ክብረ ወሰን ዓለም ቤተ ክርስትያን



ሕጂ ክብረ ወሰን ሒዙ ዝበረ ኣብ ጀርመን ዝርከብ ህንጻ ኣልመር መኑስተር ቀዳሙ እዩ'ሞ እዚ ክብረ ወሰን ተረኺብዎ ዘሎ።

ህንጻ ኣልመር መኑስተር ካብ 1543 ክሳብ 1890 ዝተሃንጸ ኮይኑ፡ 161.53 ሳግራዳ ኣብ 1882 እዩ ብጉዲ ዝተባህለ ክኢላ ንድፊ ማሰረት ተዝቢሩሉ። ቀስ ብቐስ ድማ ናብዚ ሎሚ በጺሕዎ ዘሎ ደረጃ ክበጽሕ ከም ዝኸኣለ መእመናን ናይታ ቤተ ክርስትያን ይገልጹ።

## ጥቕሲ ሎሚ

* "ክልተ ወይ ካብ ክልተ ንላዕሊ ሰባት ተወሃሂዶም ናብ ሓደ ዕላማ እንተ ኣድሂቦም ብሓባር ኮይናም ዘተዓጻጸፈ ሓይሊ ክፈጥሩ ይኽእሉ።" - **ናፖልዮን ሂል**

* "ለውጢ ሕጊ ህይወት እዩ። እቶም ኣብ ሕሉፍን ህሉውን ዘድሃቡ ጸግዖም ክኸስሩዋ ምኳኖም ፍሉጥ እዩ።" - **ጆን ኤፍ ኬነዲ**

* "እዚ ሕጂ ዘለኻዮ ወጽኢት ሓሳብካ እዩ። ጸግሕ'ውን ኣብቲ ሕጂ እትሓስቦ ክትህሉ ኢኻ።" - **ጀምስ ኣለን**

* "እቲ ቀዳማይን ዝበለጸን ዓወት፡ ንነብስኻ ምምላኽ ወይ ምስዓር እዩ።" - **ፕላቶ**

* "ርእይቶ ንኽትቅበል ትብዖትን ትሕትናን የድሊ። ነቲ ዝተዋህበ ርእይቶ ክትትንትኖ፡ ክትርደኦ ብዓቢኡ ድማ ክትጉብሮ ድማ ልቦና ይሓትት።" - **ስቲቨን ኮፈይ**

* "ሓሳባት ዋጋ የብሎምን። ጸቡቕ ድሌት እውን ዋላ ሓንቲ ትርጉም የብሉን። ውጥን እውን ንባዕሉ ዋላ ሓንቲ ኣይኮነን፡ ኩሉም ተበጊሶ እንተ ዘይተሓዊሶም ማለት እዩ። ስለዚ ኩሉ ክትገብሮ እትደሊ ነገር ሕጂ ጀምሮ።" - **ሚካኤል ኣንጊየር**

# "ኣነ ዕድል ሓያል እምነት ዘለዊ ሰብ እየ። ኣብርቲዐ ኣብ ዝሰርሓሉ ድማ ዝበዝሐ ዕድል የጋጥመኒ።" - **ቶማስ ጀፈርሰን**



# ኣከባቢ







ዓንዶም ግርማይ (ወዲ-ደረስ)

# ጽልዋ ተጻዋርነት ጸረ-ታህዋስያን ኣብ ጥዕና፡ ቁጠባን ኣከባብን

የሴፍ ገብረየሱስ

ክፍሊ ኣከባቢ፡ ሚ/መሬት፡ ማይን ኣከባብን

ቅነ ኣህጉራዊ ተጻዋርነት ጸረ-ታህዋስያን ሎሚ ዓመት፡ “መጻኢ ፈዋስነት ጸረ ታህዋስያን ንምውሓስ ሎሚ ንስራሕ” ብዝብል ቴማ፡ ሚኒስትሪታት መሬት፡ ማይን ኣከባቢ፡ ጥዕና፡ ሕርሻን ካልኦት ኣካላት መንግስትን ዝሳተፍዎ ካብ 17 ክሳብ 23 ሕዳር 2025 ኣብ መላእ ሃገር ሰፊሕ ንቕሓት ክሰላሰል ቀንዩ።

ኣከባብያዊ ድሕነት ጥዕና ደቂ ሰብ ኣዝዩም ኣገዳሲ፡ ንምውሓሱ'ውን ድማ ከሉ ዝተማዝለም ጉዳያት እዩም። ሰባት ኣብ ኣከባቢ ዝነብርዎ ዘይውርዙይ ኣተሓሕዛ፡ ኣከባብያዊ ፅንወትን ብርሰትን የውርዱ። ኣከባብያዊ ፅንወት ድማ ሓደ ካብ ቀንዲ ሳዕቤናት ምጉዳድ ዝተፈላለዩ ሕማማት እዩ። ኣብዚ ዘለናዮ መዋእል በብእዋኑ ዝረኣዩ ዘለዉ ዝተፈላለዩ ዓለማዊ ክስተታት፡ ኣብ ኣከባቢ ዘውርድዎ ዘለዉ ብከላ፡ ብርሰትን ፅንወትን ድማ ንርእዮ ኣለና። ከም ሳዕቤኑ ሰንበራት ኣሉታዊ ጽልዋኦም ዝያዳ ካልእ እዋን ክበኣሰን ብኡ መገዲ ኣቓልቦ ሃገራት ዓለም ክስሕባን ንስዘ ኣለና። ኣዚ ንምቡዩ ሓያል ምርብራብ ዝሓትትን ዘይሰነር ጉዳይን ኩይኑ ይቐጽል ኣሎ። ኣብ ገለ እዋን ክትፍወስ ወይ ከተዐሪ ዘበርኸዩ፡ ሃሳይን ኣሻቓልን ኩነት ክፈጥር ይኽእል'ዩ። ዶምጋይ ንዕኡ ንምፍዋስ ድማ ኣብ ካልእ ሓድሽ ቃልሲ ትጽመድን ዘቋርጽ ኩይኑ ይቕጽልን። ነዚ ዘስተውዓሉ ኣቦዋት፡ “ዓለም ጻዕሪ” ክብሉ ይምስሉ። ንሎሚ ኣብዚ “ጽልዋ ተጻዋርነት ጸረ-ታህዋስያን ኣብ ጥዕና፡ ቀጠባን





ኣከባብን” ዘትሕዝዮኡ ጽሑፍ፡ ብደረጃ ዓለም ኣሻቓሊ ኩይኑ ዝቕጽል ዘሎ ተጻዋርነት ጸረ-ታህዋስያንን ጽልዋታቱን ንምውጋድ ሓብራዊ ቃልሲ ዝሓትት ምዃኑ ንምሕብር'ዩ። ናብ ዝርዝር ቅድሚ ምእታውና ግን፡ “ተጻዋርነት ጸረ ታህዋስያንን ጽልዋታቱን እንታይ እዩ?” ቅድሚ ምርኣይና፡ ጸረ ታህዋስያን እንታይ እዮም? ክንርኢ ኢና።

ጸረ-ታህዋስያን ዝበሃሉ መድሃኒታት (ኣሞክሲሊን፡ ፐንሲሊን፡ ባክትሪዩም ወዘተ) ኣዝዮም ብዙሓት ኮይኖም፡ ጸረ ባክተሪያ፡ ጸረ ቫይረስ፡ ጸረ ፋንጋስን ጸረ ጽግዕተኛታትን ኮይኖም ብሰፊሑ ኣብ ሰብ፡ ሕርሻ፡ ማይ፡ ጥሪትን ዘራእትን ንዘኸስቱ ረኽስታት ንምክልኻልን ንምፍዋስን እንጥቀመሎም ኣፋውስ'የም።

ኣብ ሕክምናዊ ምዕባለ ዓለምና ካብ ዝተጨበጡ ዓወታት ሓደ፡ ምህዞ ምፍራይ ጸረ-ታህዋስያን'ዩ። እዚ ቅድሚ 80 ዓመታት ኣቢሉ ዝተማህዘን ኣብ ጥቕሚ ደቂ-ሰብን እንስሳታትን ዝወዓለን መድሃኒት፡ ኑ ዝመናት ዝኸደ ብዝተፈላለዩ ደቀቕቲ ታህዋስያን ዝስዕብ ለበዳታትን መቕዘፍትን ኣእላፍ ሰባት ክቶትእ ክኢሉ'ዩ። ማዕረኡ ኣብ ጥዕና እንስሳታትን ኣዝርእትን'ውን ኣበርክቶ ስለዘለዎ እቶታውነት ከዕቢ ክኢሉ'ዩ። ቅድሚ ምፍራይ መድሃኒታት ጸረ-ታህዋስያን፡ ዝተፈላለዩ ረኽሲ፡ ዓሶ፡ ወጽኣት፡ ኒሞንያ. . . ዝኣመሰሉ ሕማማት ቀተልቲ'የም ነይሮም። ኣብዞን ዝሓለፋ ኣስታት 80 ዓመታት ብዙሓትን ዝተፈላለዩን ጸረ-ታህዋስያን መድሃኒታት ክፈርዩ ድሕሪ ምጅማሮም ግን፡ ንዝተፈላለዩ ሕማማት ብምፍዋስ ኣብ ጥቕሚ ደቂ-ሰብን እንስሳታትን ክውዕሉ ክኢሎም።

ደቂ-ሰብ፡ እንስሳታትን ኣትክልትን ብሕማም ኣብ ዝጥቕዕሉ'ሞ ተመርሚሮም ሕማሞም ብታህዋስያን ዝስዓብ ምዃኑ ኣብ ዝረጋገጸሉ፡ ጸረ-ታህዋስያን መድሃኒታት ይእዘዙሎም። ነዞም መድሃኒታት ብስሩዕ ተኸታቲልካ ምውሳድ ድማ፡ ነቶም ታህዋስያን ሓይሎም ኣዳኺሙ ከይፋረዩ'ውን ይዐንቕጾ። ኣብ መወዳእታ ከኣ ንዕኦም ቀቲሎም፡ ነቲ ሕመም ይፍውሶ። እቲ ማስርሕ ኣዝዩ ወጽኢታዊ ስለዝኾነ ድማ ኣብ ኩሉ ዓውድታት ሕክምና ሰባትን እንስሳታትን ኣዝዩ ልዑል ተጠቃምነት ዘለዎ ኩይኑ ክቕጽል ጸኒሑ። እዚ ዳርጋ ኩሉትና ደቂ-ሰብ እንተስ ሓኪይም ወይ ተገልጋሊ ኴንና ኣብ ህይወትና እንሓልፎ ማስርሕ ስለዝኾነ ሓድሽ ነገር ኣይኮነን።

ሰባት እንተስ ኣብ ኣካይዳና ዘለና ሸለልትነት ወይ ኣብ ምሕደራና ዝህልወና ድኩማት ንቕሓት፡ ኣብ ኣጠቓቕማና ኣተሓሕዛና፡ እንፈጥሮ ጌጋታትን ጸገማትን ኩሉ ግዜ ኣብ ሸገር ምስ ኣተና ኢና። ብፍላይ ኣብ ኣከባብን ጥዕናን ዘለና ኣፍልጦን ኣብ ምዕቃብ እንገብሮ ሸለልትነትን ተመሊሱ ከቢድ ዋጋ የኽፍለና ኣሎ። ንምዕራዩ (ንምፍዋሱ) ዘሎ ጸገም ዓቢ ብምዃኑ ድማ ዝዓበየ ብድሆና ኩይኑ ይቕጽል ኣሎ። ኣብዚም ልዕል ኢልና ዝጠቐስናዮም መድሃኒታት ጸረ-ነፍሳት ዝተፈጥረ ጸገም'ውን ድኻምትና ዝፈጠሮ'ዩ።

ኣብዚ ጉዳይ እቲ ጸገም ምምዕባል ተጻዋርነት ጸረ-ታህዋስያን ኮይኑ፡ ጠንቂ ዝተፈላለየ ሕማማትን ሞትን ዝኾኑ፡ ብሓፈሻ ጀርምታት ኢልና እንጽውዖም ታህዋስያን (ባክተርያ፡ ቫይረስ፡ ፋንጋስን ካልኦት ጽግዕተኛታትን) ኑቲ ንምቕታሎም እንጥቀመሉ መድሃኒት ጸረ-ነፍሳት ክለማመድዎን ደረጃ ፈዋስነቱ ከምዝይሰርሕ ክገብርዎን እንክለዉ'ዩ ዝኸሰት። እቶም ታህዋስያን ዘጥርይዎ ናይ ምጽዋር ዓቕሚ እቲ መድሃኒት ኣይሃስዮምን ጥራይ ዘይኮነ ኣይቀትሎምን'ውን እዩ። ብኣንጻሩ ክፋረዩ የኽእሎም። ማስርሕ ፈዋስነቶም ብቑዕ ዝበረ መድሃኒታት ኣብ ዝጠፍኣሉ ድማ፡ ሕማማት ብቐሊሉ ክፍወሱ ኣይክእሉን ጥራይ ዘይኮኑ፡ ንኻልኦት ሽግራት ክንቃላዕ ይገብሩ። እቲ ክስተት ኣብ እንስሳታትን ኣዝርእትን ብዓቢኡ ድማ ኣብ ኣከባቢ ተደሪቢ ፅንወት ስለ ዘውርድ ከኣ፡ ናብ ብዙሕን ዝተሓላለኸን ጸገማት የእትወና።

ውድብ ጥዕና ዓለም፡ ተጻዋርነት ጸረ-ታህዋስያን ምስቶም 10 ቀዳሞት ስግኣታት (ብድሆታት) ጥዕና ዓለምና ይሰርዖ። ምምዕባልን ምዝርጋሕን ናይዞም ተጻዋርነት ንጸረ-ታህዋስያን ዘጥረዩ ነፍሳት ብዕቱብ እንተ ዘይተገቲኡ ድማ፡ ኣብ ምርግጋጽ ብቑዓት ንሕማማት ናይ ምፍዋስ ዓቕምታት፡ ኣብ ምጉዳል ስግኣታት ውሕስነት መግብን ምዕቃብ ኣከባብን፡ ዓቢ ብድሆ ይጸንዕና ኣሎ። ብቑዓት መድሃኒታት ጸረ-ታህዋስያን ኣብ ዘይህልወሉ ከኣ፡ ኣብ ሰባት ኑቶም ቀለልቲ ረኽስታት፡ እንስሳታትን ኣትክልትን ክንፍውስ ክንሽገር ኢና። ብሰንኪ ተጻዋርነት ጸረ-ታህዋስያን፡ ኻና ብዘኸፍኦ መልክዑ ህይወት ሚልዮናት ሰባት ይቕዘፍ ኣሎ። ኣብ ቁጠባ ድማ ኻና ብትሪልዮናት ዶላር ዝግመት ክሳራታት የውርድ ኣሎ።

ዝያዳ ኣተኩሮ ክወሃቦ ዝጸንሐ ጥዕና ደቂ-ሰብን ሕርሻዊ ጸላትን ኩይኑ፡ እናዓበየ ዝመጽእ ጫብጥታት ሓበሬታታት ከም ዘጽርዖ ግን፡ ኣከባቢ ኣብ ምምዕባል፡ ምትሕልላፍን ምዝርጋሕን (ምፍራይን) ናይዞም ተጻዋርነት ንጸረ-ታህዋስያን ዘለዎም ጀርምታት ቁልፊ ተራ ከም ዘለዎ'ዩ ዘረጋግጸልና።





ሓደ ካብ ጸረ-ታህዋስያን መድሃኒታት

ተጻዋርነት ጸረ-ታህዋስያን ምስቶም ብሰንኪ ዝተፈላለዩ ንጥፈታት ደቂ-ሰብ ዘኻቕቱ ዘይብሉ ንጥፈታት ምፍራይን ምህላኽን ዝተደረኹ ሰለስተ ዓበይቲ ኣከባብያዊ ሽግራት ዓለምና (ክሊማዊ ለውጢ፡ ምጥፋእ ህይወታዊ ብዙሕነትን ተፈጥሮን፡ ብከላን ጉሓፋትን) ብቐረባ ዝተታሓሓዘ እዩ።

ክሊማዊ ለውጢ ዝፈጠሮ ልዑል ሙቐት፡ ምስ ምብዛሕ ረኽስታት ተጻዋርነት ጸረ-ታህዋስያን ልዑል ምትሕሓዝ ክህልዎ እኽሎ፡ ዘይስሩዕ ኩነታት ኣየር ድማ ንምምዕባል ተጻዋርነት ጸረ-ታህዋስያን ኣበርክቶ ይገብር። በቲ ሓደ ድማ ካብ ዝተፈላለዩ ንጥፈታት ሰባት ዝወጽኡ ምንጪ ብከላ ዝኾኑ ዝተፈላለዩ ጉሓፋት ኣብ ምምዕባል፡ ምትሕልላፍን ምዝርጋሕን ተጻዋርነት ጸረ-ታህዋስያን ቀሊል ዘይኮነ ኣበርክቶ ኣለዎም። እዚ ከኣ ኑቶም ኣብ ኣከባቢ ዝርከቡ ጠቓምቲ ታህዋስያን ስለዝሃሱ፡ ኣብ እንስሳታት ባሕርን ምድርን ፍርያምነት ሓመድ ኣሉታዊ ሳዕቤን የውርድ። እቲ ዝዓበየ ብድሆኡ ንምርባሕን ንምትሕልላፍን ተጻዋርነት ጸረ-ታህዋስያን ምቹእ ባይታ ይፈጥር። ኩሎም እዞም ሽግራት ብዙግባራት ደቂ-ሰብ ዝጋደዱ ስለዝኾኑ፡ ነዚ ንምፍዋስን ንምዕራይን ድማ ደቂ-ሰብ ተበግሶን ዝተዓጻጸፈ ጻዕርን ክንገብር የድሊ።

መድሃኒታት ጸረ-ታህዋስያን ካብ ዘለዎም ፈዋስነትን ጠቐሞን፡ ብብዝሒ ምፍራዮምን ብቐሊሉ ኣብ ኩሉ ይርከቡ ምህላዎምን ዝተሳዕለ፡ ብዙሕ ዘይግቡእ ኣጠቓቕማን ኣተሓሕዛን ንኽህሉ ስለዝደረኹ፡ ምምዕባልን ምስፋሕን ተጻዋርነት ጸረ-ታህዋስታን ኣሰዒቡ። ገለ ካብቶም ቀንዲ ነዚ ጸገም ንምግዳድ ምኽንያት ዝኾኑ፦

1. **ትሑት ንቕሓት ኣብ ምሕደራን ተጠቃምነትን**

• ብዘይ እኹል መርመራ ንዘመስሉካ ሕማማት፡ ንዘጉብኡን ዘይግብኡን ሕማማት ኣፋውስ ምእዛዝ፡ ንዕዳጋ ክትብል ደረጃኡ ዘይሓለወ መድሃኒት ምፍራይን ምሻጥን፤

• ባዕላዊ ፍወሳ ምኽያድ፡ ነቶም መድሃኒታት ሓኪም ከይኣዘዘልካ ካብ ወሽጢ ዓዲ ይኹን ወጻኢ ዓዲግካ ምጥቃም። ዝተኣዘዘልካ መድሃኒት ሓውየ ኢልካ ምቁራጽ ወይ ዝበርኸ ዘይእኹል ተረፍ ምውሳድ። መድሃኒት ምስ ካልኦት ሰባት ምክፋል (ምምቓል)፤

• ማከላኸሊ ረኽስታትን ማስበሊ እንስሳታትን መድሃኒት ብብዝሒ ምጥቃም። መሕለየም ዘሕለፉን ዘይብቑዓትን መድሃኒታት ብዘይሕጋዊ መንገዲ ምሻጥ። ተረኺብ ኢልካ ኣብ ሕርሻታትካ ምጥቃም፤

• ንቕሓት ኣብ ምክልኻል ሕማማትን ቅድመ ጥንቃቐን ስለዘውሕድ፡ ጽሬት ኣካላትን ኣከባብን ብምሕላው ንሕማምን ረኽስታትን ናይ ምክልኻል ዘሎ ድኹምነት፤

• ዝተረፈ፡ ዝተባሸወ ወይ መሕለፊ ዘሕለፈ መድሃኒታት ኣኪብካ ምስ ዘቤታዊ ደረቕ ጉሓፍ ሓዊስካ ናብ ኣከባቢ ምጉሓፍን ፈቓዶኡ ምድርባይን። ፈሳሲ መድሃኒታት ከም ሽሮፕ ኣብ መሕጸብን ዓይኒ-ምድርን ምድፋእ። ብደረጃ ምምሕዳር ከተማታት፡ ኣፍረይቲ ትካላት መድሃኒትን ትካላት ጥዕናን ካብ ኣገልግሎት ወጻኢ መድሃኒታት ዝሓወሰ ዘቤታዊ፡ ኢንዱስትሪያውን ሕርሻውን ደረቕን ፈሳሲን ጉሓፋት ግቡእ ፍወሳ ከይገበርካ ናብ ኣከባቢ ምጉሓፍ ወይ ኣብ ክፉት ቦታ ብሓዊ ምቅጻል . . . ክንጠቅስ ንኽእል።

## 2. ድኹም ቁጽጽርን ምክትታልን

ኣብ መጸናዕትን ሓበሬታን ዝተመርኮሰ ግቡእ መምርሒታትን ቁጽጽርን ዘይምህላው። ተወሃሃድካ ዘይምስራሕን ብስሩዓልጡታዊ መንገዲ ግቡእ ምክትታል ዘይምክያድን ዕቱብ ስጉምትታት ዘይምውሳድ።

ብኸምዚ መገድታት መድሃኒታት ጸረ-ታህዋስያን ናብ ኩሉ ምስ ዝዝርግሑ፡ ጀርምታት ክለማመድዎም ዕድል ስለ ዝረኽቡ ፈዋስነት ናይዞም መድሃኒታት ይጠፍእ። ኣሉታዊ ሳዕቤናቱ ብዘይ መድሃኒት ጸረ-ታህዋስያን ክነብር ምትራፍ ስለዘይጽሓፍ ኣዝዩ ኣሰጋኢ'ዩ። እዚ ስለ ዝኾነ ድማ'ዩ ቅነ ኣህጉራዊ ተጻዋርነት ጸረ-ታህዋስያን ሎም ዓመት፡ “መጻኢ ፈዋስነት ጸረ ታህዋስያን ንምውሓስ ሎሚ ንስራሕ” ብዝብል ቴማ ክትዝከር ዝተመርጸ።

እዚ እንተ ዘይገይርና፦

• ሕማማት ብቐሊሉ ክፍወሱ ኣብ ዘይክእሉሉ ደረጃ ስለ ዝበጽሑ፡ ጠንቂ ብዙሕ ሓልክታትን ሞትን ይኾኑ፤

• ሰባት ቀልጢፎም ኣብ ዘይሓውዩሉ ድማ፡ ወጻኢታት ሕክምና ይዛይድ። ብኡ መገዲ ብዙሕ ፅዮታት ይጉድልን፡ ቁጠባዊ ማህሰይቱ ይዓቢን፤





• ብሓገዝ ናይ'ዞም መድሃኒታት ዝፍጸሙ ኣገደስቲ ሕክምናዊ ስርሓት (መጥባሕቲ፡ ካንሰርን ካልኦትን) ኣሸጋሪ ይኾኑ፤

• ብሰንኪ ተጻዋርነት ናይዞም ታህዋስያን ሓደስቲ መድሃኒታት ቀልጢፎም ካብ ዕዳጋ ስለዝወጽኡ ንኣፍረይቲ ኣተባባዒ ኣይኮነን። ምፍራይን ምርካብን ናይ'ዞም መድሃኒታት የኽትም፡ በዚ ድማ ዓለምና ናብቲ ቅድሚ ምምሃዝ እዞም መድሃኒታት ዝበረቶ ስለእትምለስ፡ ኩሎም እቶም ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ኣትዮም ዝጸንሑ ሕማማት ቀተልቲ ይኾኑ፤

• እቲ ዝኸፍኣ ጉድኑ ድማ ብዘሎ ክሊማዊ ለውጢ ብሓፈሻ፡ ብፍላይ ከኣ፡ ምውሳኽ ዓለማዊ ዋዒ ዝፍጥሮ ምቹእ ኩነታት ሰበይ፡ ዝጸንሑን ሓደስቲን ሕማማት ብጦታን ብዝሕን እናወሰኸ ይመጽእ ምህላዉ እዩ።

• ካልእ ኣብ ኣከባቢ ዝዝርዉ መድሃኒታት፡ ኣብ ኣከባቢ ንዘለዉ ኣዝዮም ጠቐምቲ ዝኾኑ ደቀቕቲ ህይወታውያን ይቐትሉ'ሞ፡ ከም ሳዕቤኑ ዝተፈላለዩ ጸገማት ኣብ ኣከባቢ (ምዝንባል ኣከባብያዊ ማሕደሮን ስነ-ህይወታዊ ብዙሕነትን) የኸትል፡ ሕርሻዊ ምህርቲ የጉድል፡ ኣብ እንስሳታት ዘቡዓምን ህይወታውያን ባሕርን ዝተፈላለዩ ኣሉታዊ ሳዕቤን የምጽኡ።

• ብዓቢኡ ኣብ ኣከባቢ ዝኣተወ ከተጸርዮ ኣዝዩ ከቢድ ስለዝኾነውን ድማ፡ ብከላ ኣከባቢ ብጸረ-ታህዋስያን መድሃኒታት፡ ንምፍራይን ንምትሕልላፍን ተጻዋርነት ዘጥረዩ ታህዋስያን ዓቢ ዕድል ፈጢሩ፡ ሽግራት ክጋደደን ክተሓላለኽን ይገብር።

### ምክልኻል ተጻዋርነትን ምርግጋጽ ፈዋስነትን

እቲ ብድሆ ርኢናዮ። ንኩልና ከም ዝጸልወናን ንምክልኻሉ ድማ ከቢድ ሓላፍነት ከም ዘሰከመናን ተረዲእና ኣለና። እቲ ፅዮ ናትና ምዃኑ ካብ ኣመንናን ፈለጥናን፡ ተጊህና ክንሰርሕ ካብ ወሰንና፡ ነዚ ንምብዓዝ ከይንዕወት እንታይ ይጽበየና? ኑቶም ዘወጸና መምርሒታት ብውህደት ናይ ምትግባር ግደና ክፃዘዝ'ዩ ዘለዎ። ንምትግባሩ ከቢድ ስለዘይኮነውን ድማ ብዙሕ ክንዓምዎን ክንዕወትን ንኽእል ኢና።

ልክዕ ከምቲ፡ “ዝፈሰሰ ነይሕፈስ” ዝብል ምስሉ፡ ዝኾነ ነገር ናብ ኣከባቢ ምስ ተጸንበረ ክትመልሶ ወይ ኣከባቢ ከተጽሪ ኣዝዩ ከቢድን ተኽእሎኡ ድማ ኣዝዩ ድሩትን'ዩ። ግን ከኣ፡ “ከይላሳ ጸግን” ከም ዝበሃል፡

• ጽኑዕ መምርሒ ብምውጻእ፡ ንቑሕትና ኣብ ምትግባሩ እንተ ነጠፍና፤

• ንሰብ ኮነ እንስሳ ብሞያኡ ብጽሑፍ ብሓኪም ዝተኣዘዘልና መድሃኒት ጸረ-ታህዋስያን ብስሩዕን ብዝይምቁራጽን ተኸታቲልና እንተወሲድና፡ ብምልኣት ክሳብ ንፍወስ እንተተዓጊስና፤

• ተረፍ ዘለና መድሃኒት፡ መትሓዚታትን ወይ ካብ ወጻኢ ዝመጽኡና መድሃኒት ብግቡእ ኣኪብና ናብ ትካላት ጥዕና ወይ ፋርማሲታት እንተመሊስና፤

• ጽሬት ኣካላትናን ከባቢናን ሓሊና ካብ ኩሉ ንረኽስታት ዝዕድም ነገራት እንተተኣሊና፡ ምሕጻብ እንተ ኣዘውቲርና፡ ኣብ ክፉት ቦታ ቀልቀል ምውጻእ እንተ ኣቋሪጽናን ካብ ፍኑው ጾታዊ ርክብ ምስ እንሕረም፤

• ጉሓፋት ጸረ-ታህዋስያን ኣብ ፈሳስን ደረቕን ጉሓፋት ተሓዊሶም ከምዘይጉሓፉ እንተ ደኣ ገይርና፡ ወይ ብእኦም ዝተበከለ ድኹዒ ኣብ ሕርሻታትትና ምስ ዘይንጥቀም (ሓመድናን ምንጪ ማይናን ምስ ዘይበከል።)

ንምብዛሕ ተጻዋርነት ጸረ-ታህዋስያን ዘጥረዩ ነፍሳትን፡ ንሳቶም ዝፈጥርዎ ጸቕጥን ከነጉድሎ ስለ እንኽእል፡ ካብዚ ብምብጋስ፡ “ጥዑይ ሕብረተሰብ፡ ጥዑይ ኣከባቢ፡ ጥዑይ ሃገር” ክህልወና፡ ፈዋስነት ብዘላቕነት ክውሕስ፡ መጻኢ ፈዋስነት ጸረ-ታህዋስያን ንምውሓስ ሎሚ ንስራሕ!

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣንላኽ - ሳምራዊት መለስ

Zara Mining Share Company

## POSITION DESCRIPTION

| | |
|---|---|
| **Position:** | **Power Plant Electrician** |
| **Number:** | **01** |
| **Location:** | **Koka Gold Mine (Site)** |
| **Reporting to:** | **Process Plant Maintenance Superintendent/Manager** |
| **Mission Statement:** | The Diesel Generator Power Plant Electrician is responsible for the installation, maintenance, troubleshooting, and repair of diesel-powered electrical generation systems within Zara mining site. This role ensures continuous and reliable power supply to mining operations, adhering to safety and environmental standards. |

**Responsibilities and Duties**

**Electrical System Maintenance & Repair**

- Inspect, test, and maintain diesel generators, switchgear, transformers, and distribution panels.
- Diagnose and repair faults in electrical circuits, wiring, and control systems.
- Perform scheduled preventive maintenance to minimize downtime and extend equipment life,

**Generator Operation & Monitoring**

- Start, synchronize, and monitor diesel generators to ensure stable power output.
- Record operational data such as voltage, current, fuel consumption, and temperature.

Respond to power outages and restore systems promptly.

**Installation & Commissioning**

- Install new diesel generator units and associated electrical infrastructure.
- Read and interpret electrical schematics, blueprints, and technical manuals.

Ensure proper grounding, load balancing, and system integration.

**Safety & Compliance**

- Follow all site-specific safety protocols and national electrical codes.
- Lockout/tagout procedures during maintenance and repairs.

Maintain compliance with MSHA, OSHA, and environmental regulations.

**Team Collaboration & Reporting**

- Work closely with mechanical technicians, engineers, and site supervisors.
- Maintain accurate logs of maintenance activities, inspections, and repairs.

Train and mentor junior electricians and apprentices.

**Emergency Response Duties**

- Respond immediately to electrical emergencies, including generator failure, fire, or hazardous electrical faults.
- Assist in isolating affected systems and restoring power safely.
- Support firefighting teams by securing electrical systems and preventing further hazards.
- Participate in emergency drills and maintain readiness for rapid deployment.

Maintain and test emergency backup systems and lighting.

**Load Management:**

- Monitor and balance electrical loads across generators to prevent overloads and ensure optimal performance.

Adjust generator output based on operational demands and fuel efficiency targets.

**Emergency Power Restoration:**

- Lead efforts to restore power during outages caused by equipment failure, weather events, or operational incidents.

Coordinate with site emergency response teams to ensure safe and rapid recovery of electrical systems.

**Inventory & Spare Parts Management:**

Maintain inventory of critical electrical components, tools, and spare parts.

Coordinate procurement and storage of replacement parts to minimize downtime.

**Technical Documentation:**

- Update wiring diagrams, schematics, and maintenance manuals as systems evolve.

| | |
|---|---|
| **Formal Education, Certification or Equivalent** | ➢ Trade certification or diploma in Electrical Engineering or Industrial Electricity.<br>➢ Valid Electrician License (Journeyman or equivalent).<br>➢ Minimum 5 years of experience with diesel generator systems, preferably in mining or industrial settings.<br>➢ Familiarity with 480V and 3-phase systems, PLCs, and motor controls.<br>➢ Ability to operate diagnostic tools and interpret results.<br>➢ Knowledge of CMMS as an added advantage |
| **Leadership Expereinnce:** | ➢ Liaise with internal and external stakeholders in a professional and courteous manner and provide advice where required.<br>➢ Familiarity with best practices in Workplace Health and Safety and Environmental procedures and legislation policies. |
| **Other skills and Abilities:** | ➢ strong troubleshooting and analytical skills.<br>➢ Ability to work independently in remote and harsh environments.<br>➢ Excellent communication and teamwork abilities.<br>➢ High attention to detail and commitment to safety.<br>➢ Physically fit and healthy.<br>➢ Strong communication and interpersonal skills and Team player<br>➢ Execute and deliver all work safely and to a high professional standard,<br>➢ Must be able to work and perform under pressure.<br>➢ Good verbal and written communication skills in English<br>➢ Flexibility to work outside of normal business hours if required.<br>➢ Must be able to work under minimum supervision. |
| **Working Conditions:** | ➢ Work is performed in outdoor and indoor mining environments.<br>➢ Exposure to noise, dust, diesel fumes, and extreme temperatures.<br>➢ May require shift work, including nights and weekends.<br>Physically demanding tasks including climbing, lifting, and confined space entry. |

**Additional Requirement for nationals: -** Having fulfilled his/her National Service obligations and provide evidence of a release paper from the Ministry of Defence. Present Clearance paper from the current/last employer. Only short-listed applicants would be considered as potential candidates for an interview. Application documents will not be returned to the sender.

Please mail your applications to the ZARA MINING SHARE CO P. O. Box 2393. Asmara, Eritrea

**Note to Eritrean applicants: -** Please send a copy of your application to Aliens Employment Permit Affairs P.O. Box 7940 Asmara, Eritrea. and Eritrea. Mineral Resources Management P. O. Box 272

Deadline for application: Seven days from the day of announcement.

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ብርኽቲ፡ ካልኣይ ኣትያ
### ሱዛና፡ ኣብ ናይ ትሕቲ 23 ዓመት ነሓሰ መዳልያ ኣንጠልጢላ

ሻምፕዮን ቅድድም ብሽክለታ ኣፍሪቃ፡ ትማሊ ብጾወታ ናይ ዓበይቲን ትሕቲ 23 ዓመትን ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ዝቐጸለሉ፡ ኤርትራዊት ተቐዳዳሚት ብርክቲ ፍስሃዬ ካልኣይቲ ብምኳታው ብሩር መዳልያ ኣንጠልጢላ።

ቅርጺ መሬታ ናይቲ ናይ 107.6 ኪሎሜተር ናይ ጽርግያ ውድድር፡ ንነ79 ኪሎሜተር ኣብ ጎልጎል ሽዱሽተ ዙርያ ዝሓቖፈን ንዘተረፈ ኪሎሜራት ቁሩብ ብራኸ እናወሰኸ ዝኸይድ ነይሩ። ቅድሚ መዛዘሚ ሽዱሽተ ኪሎሜተር ዝነበረ ሓንቲ 2.4 ኪሎሜተር ዝነውሓታ 7.2 ሚኢታዊት ማእከላይ ገምጋም መጠን ምንቅዕራር ዝነበራ ዓቐብ ድማ ፍልልይ ክትፈጥር ትኽእል ነይራ።

ኣብቲ ውድድር ዓሚ ካብ ቀዳመይቲ ክሳብ ሳልሰይቲ ዝወጻ ደቡብ ኣፍሪቃ፡ ኤርትራን ርዋንዳን ዝያዳ ተጠመትቲ ነይረን። ካልኦት'ውን መዳልያ ክጭብጣ ዝኽእላ ነይረን።

ድሕሪ ዝበረ ብዙሕ መጥቃዕትታት፡ ደቡብ ኣፍሪቃዊት ሃይለይ ፕሪን ኤርትራዊት ብርኽቲ ፍስሃዮን ንበይነን ተፈለያን ወጺ። ፍልልዪ እናማፍሐ ንበይነ ድሕሪ ምጉዓዝ ድማ፡ ኣብ ናይ መወዳእታ ኪሎሜትር ክትሓላለዋ ጀመራ። ሃይለይ፡ ኣብ ናይ መወዳእታ 70 ሜትሮ ቀዲማ ብዝገበረቶ መጥቃዕቲ ድማ፡ ብ3 ሰዓት፡ 10 ደቒቓን 31 ካልኢትን፡ ሻምፕዮን 2024 ኮይና፡ ዓሚ ጓል ሃገራ ኣሸለዩ ሙልማን ዘምጸኣቶ ዓወት ከኣ ዓቂባቶ።


ብርኽቲ ፍስሃየ

ኣብ 2019 ኣብ ሻምፕዮን ኣፍሪቃ ኣብ ማእከሎት (ጁኒየር) ዝተወዳደረት ብርኽቲ፡ ኣብ ምልሶታ ናብዚ ውድድር፡ ሰለስተ ካልኢት ተፈንቲታ ካልኣይቲ ኣትያ። ኤርትራ፡ ዓሚ ኣብዚ ጸወታ ብመገዲ ኣድያም ዳዊት ተመሳሳሊ ደረጃ ሒዛ ምንባራ ይዝከር።

ርዋንዳዊት ክላዩደተ ኩሩ፡ 18 ካልኢት ድሒራ፡ ዓሚ ካልእ ጓል ሃገራ ዝምጸኣቶ ነሓሰ መዳልያ ደጊማታ።

ዓሚ ብመዳልያታት ዘጸአት ኣድያም ዳዊት፡ 30 ካልኢት ድሒራ፡ ሻዱሻይቲ ኣትያ። ሱዛና ፍስሃዬ፡ 52 ካልኢት፥ ቅድሚ ሰለስተ መዓልታት ኣብ ናይ ግዜ ውድድር ትሕቲ 23 ዓመት ነሓሰ መዳልያ ዘንጠልጠለት ሞናሊዛ ኣርኣያ ድማ፡ 1 ደቒቓን 57 ካልኢትን ድሒረን ብተኸታታሊ 10ይቲን መበል 14ን ኣትየን።

ሱዛና ድማ፡ ኣብ ናይ ትሕቲ 23 ዓመት ነሓሰ መዳልያ ኣንጠልጢላ።

ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ፡ ሎሚ ኣብ ናይ ማእከሎት (ጁንየር) ከምኡ'ውን ዓበይቲን ትሕቲ 23ን ዓመት ደቂ ተባዕትዮ ጸወታ ይጸበያ። ዓሚ ኣብ ማእከሎት - ኬቨን ተኽለማርያም፡ ኣብ ዓበይቲ ድማ፡ ሄኖክ ምሉእብርሃን ሻምፕዮን ኮይኖም ነይሮም እዮም። ክብሮም ንምዕቃብ ድማ፡ ዓቢ ስራሕ ይጸበዮም። ጽቡቕ ዕድል!!

## "ኩሉ ከይፈተንኩ ናይ ጸወታ ግዜይ ክዛዝሞ ኣይደልይን'የ" ፖጋቻ

ኣብዚ ዓመት'ዚ ዓበይቲ ዓወታት ዘመዝገበ ተቐዳዳማይ ብሽክለታ - ታደይ ፖጋቻ፡ ኣብ ዝመጽእ ዓመት 2026፡ ቅድሚ ሕጂ ዘይተዓወተሎም ውድድራት ክዕወተሎም ዕላማ ገይሩ ምህላዉ ተዛረበ።


ዝሓለፈ ሓምለ ንራብዓይ ግዜኡ ዝዙር ፈረንሳ ዝተዓወተሉ እዚ ተቐዳዳማይ ክለብ ዩኤይኢ ኢማራትስ ኣብዚ ሕጂኖ ዘለና ዓመት፡ ሻምፕዮን ዓለምን ኤውሮጳን'ውን ኮይኑ እዩ። ብዘይካ'ዚ፡ ንዓበይቲ ናይ ሞኑመንት ውድድራት (ናይ ሓደ መዓልቲ ውድድራት) ሮንደ ቫን ቭላንደረን፡ ሊጀ ባስቶኝ ሊጅን ሎምባርዲያን ዝተዓወተሎም ታደይ፡ ብድምር 17 ናይ መድረኽ ዓወታት ብምምዝጋብ፡ ልዕሊ ኩሎም ተቐዳደምቲ ደሚቑ።

ይኹን እምበር፡ ኣብዚ ዓመት ወዱእ ወይ ፍጹም ተቐዳዳማይ ዘይምንባሩ ብምግላጽ፡ ብውልቁ ንዝበሮ ብቕዓት እንዝዮምግም፡ ነዚ ዓመት'ዚኣ 9 ካብ 10 ከምዝሃባ ተዛረበ። "እንተኾነ ኣብ ኩሉ መዳያት ህይወት ኩሉ ግዜ ናይ ምምሕያሽ እዋን ኣሎ። ከም ዝመስለኒ ከኣ ኣነ ስፖርትን ካብ ስፖርት ወጻኢን ኣብ ገለ ነገራት ክምሓየሽ ኣለኒ" ድማ ኢሉ። እዚ ንቅድድም ብሽክለታ ዓብለልዎ ዘሎ ተቐዳዳማይ፡ ካብዚ ንላዕሊ ኣብ ምንታይ መዳይ እዩ ክመሓየሽ ግና፡ ክትፈልጦ ኣጸጋሚ ምዃኑ፡ ፈላጦት እዚ ዓውዲ ይዛረቡ።

ፖጋቻ፡ ኣብዚ ዓመት ኑየም ፈቲኑ ዘይተዓወተሎም ውድድራት ክዕወተሎም መደቡ ምህላዉ እዩ ዝገለጸ።

ንሱ፡ "ዓመት መጸ ዙር ፈረንሳ ኣሎ - ናይ ጋንታይን ናተይን ቀዳማይ ዕላማና ድማ ኣብቲ ውድድር'ዚ ምዕዋት'ዩ። ኣብ ዝመጽእ ዓመታት ግን ሓደስቲ ነገራት'ውን ክፍትን እደሊ። ኩሉ ነገር ከይፈተንኩ፡ ናይ ጸወታ ግዜይ ክውድእ ኣይደልይን'የ። ርግጸ'ዩ ኣብ 2026 ናብቲ ዝዓበየ ውድድር ዙር ፈረንሳ ክኸይድ ኢና። ኣነ ግና፡ ኣብ ናይ ክላሲክ ጸወታ (ናይ ሓደ መዓልቲ ውድድር)፡ ካብ ናይ ዓምን ቅድሚኡን ንላዕሊ ክመሓየሽ ዝእኽል እንተኾይነ፡ ደጊመ ንዑበይ ክፍትና እደሊ'የ። ዛጊት ሚላኖ-ሳን ረሞን ሮባክስን ዘይተዓወትኩሉ፥ ኣብዚ ከኣ ክፍትንን ክዕወትን ኣዝዩ ተተባቢዐ ኣለኹ" ኢሉ።

ኣብዘን ክልተ ውድድራት ብምዃኑ ቫን ደር ፖል ዝተረቶ ፖጋቻ፡ ዳግማይ ናብ ቮልታ ስጳኛ ተመሊሱ፡ ክጻወት መደብ እንተሃልይዎ'ውን ተሓቲቱ ነይሩ፡ "ተሳቲፈ ክዕወተሉ እደሊ እየ። ኣብኡ ክይተዓወትኩ ሕጂ ጥሮታ እንተወጺእኩ'ውን፡ ብጣዕሚ ሕጉስ ምኾንኩ፡" ክብል መሊሱ።



ኣብ 2024 ጂሮ ዲ ኢጣልያ ዝተዓወተሉ እዚ ወዲ 27 ዓመት ስሎቬንያዊ፡ ኣብ 2019 ኣብ ቮልታ ተወዳዲሩ ንፕሪሞዝ ሮግሊችን ኣሊሃንድሮ ቫልቨርደን ስዒቡ፡ ሳልሳይ ወዲኡ። ዙር ፈረንሳ፡ ጂሮ ዲ ኢጣልያን ቮልታን እዮም ሰለስተ ዝዓበዩ ዙራት (ግራንድ ትሩ) ዝበሃሉ እዮም። ፖጋቻ ከኣ፡ ንቮልታ ጥራይ እዩ ዘይተዓወተሉ ዘሎ።

## ሽዱሽተ ኤርትራውያን፡ ንሽልማት ብሉጽ ኣፍሪቃዊ ተቐዳዳማይ ተሓጺዮም

ሽዱሽተ ኤርትራውያን ደቂ ተባዕትዮ ተቐዳደምቲ ብሽክለታ፡ ንሽልማት ብሉጽ ተቐዳዳማይ ኣፍሪቃ 2025 ተሓጺዮም።

ኣብዚ ናይ ዓበይቲ (ኤሊት) ሽልማት ካብ ዝተሓጸዩ ኣሉምፒኳዊ ተቐዳዳማይ ቢንያም ግርማይ፡ ሄኖክ ምሉእብርሃን፡ ናትናኤል ተስፋጼን፡ ዳዊት የማን፡ ሚልኪያስ ማእከለን ናህም ዘርኣይን ይርከብዎም።

ኣብዚ ሽልማት፡ ጉዳም ተቐዳዳማይ ዓዙዲን ላጋብ ዝርከቦም ሽዱሽተ ኣልጀሪያውያን፡ ሰለስተ ደቡብ ኣፍሪቃውያን፡ ክልተ ማውሪሸሳውያን፡ ሞሮካውያንን ካሜሮናውያንን ብድምር 21 ተቐዳደምቲ'ውን ተሓጺዮም ኣለዉ።

እዚ ሽልማት፡ 29 ሕዳር ኣብ ርዋንዳ ከተማ ኪጋሊ ክዕደል ምዃኑ ተሓቢሩ።




## ማነ፡ ንሮናልዶ ዘለዎ ኣድናቖት ገሊጹ


ተጻዋታይ ኣል-ናስር ሳዲዮ ማነ ከም ሓለቓ ጋንታኡ ክሪስቲያኖ ሮናልዶ ብሉጽ ተጻዋታይ ብፍጹም ርእዩ ከም ዘይፈልጥ ተዛረበ።

ማነ ኣብ ክረምቲ 2023፡ ካብ ሊቨርፑል ናብ ኣል-ናስር ተጸምቢሩ። ኣብ ተመሳሳሊ ዓመት'ውን ሮናልዶ ካብ ማን ዩናይትድ ናብታ ጋንታ ተሰጋጊሩ። ንዝሓለፉ ልዕሊ ክልተ ዓመታት ድማ፡ ብሓባር ስሙር ማስመር መጥቃዕቲ ፈጢሮም ይርከቡ።

ማነ ብዛዕባ'ዚ ፖርቱጋላዊ ኣብ ዝተሓተተሉ፡ "ኣይፈልጥን እየ ነይረ። እንተኾነ ብዛዕባ ዘለዎ ተወፋይነት፡ ኩነት ኣእምሮን ሞያን፡ ኣንቢበን ተሰሚዐን ርእየን ነይረ። ናብ ስዑዲ ዓረብ ምስ መጻእኩ ኩሉ ልክዕ ኮይኑ ረኺበዮ። ድንቂ እዩ። ወላ'ውን ኣብዚ ዘለዎ 40 ዓመት፡ ክትረኦ ትኽእል ኢኻ፡ ምሉእ ኣትሌት እዩ። ንኩሉም ተጻወትቲ ኩዕሶ እግሪ ዓለም ኣብነት እዩ። ዘለዋ ናይ ዓወት ሸውሃት፡ ዓቢ ኩነት ኣእምሮን ሞያን ዝድኅቕ እዩ። ብፍጹም ከምኡ ዓይነት ተጻዋታይ ርእየ ኣይፈልጥን" ክብል ኣድኒቕዎ።

## ድያዝ፡ ንሰለስተ ግጥማት ተቐጺዑ

ናይ ክንፊ ኣጥቃዓይ ክለብ ባየር ሙኒክ - ሉዊስ ዲያዝ ሰሪ'ታ ኣንጻር ፒኤስጂ ዝወሰዳ ቀያሕ ካርድ፡ ሰለስተ ግጥማት ክቕጻዕ ማሕበር ኩዕሶ እግሪ ኤውሮጳ (ዩኤፋ) ወሲኑ።



ዲያዝ ኣብቲ 4 ሕዳር ናብ ፒኤስጂ ተጓዒዞም ዘካየድዎ ናይ ሻምፕዮንስ ሊግ ጸወታ እዩ ኣብ ልዕሊ ኣሽራፍ ሓኪሚ ብዝወረዶ ከቢድ በደል'ዩ ተባሪሩ። ሓኪሚ፡ ሰሪ'ቲ ኣብ ጸጋመይቲ ዓንኪራቶኡ ዝወረዶ መጉዳእቲ፡ ዛጊት ናብ ጸወታ ኣይተመልሰን ዘሎ። ናብቲ ረቡዕ ምሸት ዝተዓወተሉ 'ሽልማት ብሉጽ ተጻዋታይ ኣፍሪቃ 2025' ድማ ምርኩስ ተደጊፉ እዩ ተሳቲፉ።

ሙኒክ፡ ነቲ ጸወታ 2-ብ1 ክትዕወተሉ ንኽልተአን ሽቶታት ዘመዝገበ ተጻዋታይ፡ ንሓንቲ ጸወታ ጥራይ ክቕጻዕ እያ ትጽበ ገይራ ነይራ። ንናይ ምክልኻል ማስርሕ ዲያዝ 'ሽሉል ዘይብሉ ሓርፋፍ ጸወታ' ዝበሎ ዩኤፋ ግና፡ ንሰለስተ ግጥማት ቀጺዕዎ ኣሎ። ሙኒክ ይግባይ ክትብል ምዃና'ውን ይሕበር። ቀዳመይቲ ጸወታ ዝኸስራ ከኣ ጋንታኡ ረቡዕ ናብ እንግሊዝ ተጓዒዛ ኣንጻር ኣርሰናል ኣብ እተካየዶ ናይ ሻምፕዮንስ ሊግ ጸወታ እያ። እዚ ጸወታ፡ ክልተአን ክለባት፡ ካብ ኣርባዕተ ግጥማት ብምሉእ 12 ነጥቢ ሒዘን፡ ሙኒክ ቀዳመይቲ ኣርሰናል ካልኣይቲ ኮይኑ ዝራኸባሉ ብምዃኑ፡ ኣብ ደረጃኣን ለውጢ ዘምጽእ ወሳኒ ጸወታ እዩ።

### መደብ ጸወታ

**ሎሚ**

ፕሪመር ሊግ
ሊደስ - ኣስቶን ቪላ 5:00 ድ.ቀ
ኣርሰናል - ቶተንሃም 7:30 ድ.ቀ

**ላሊጋ**

ጌታፈ - ኣትሌቲኮ ማድሪድ 8:30 ድ.ቀ
ኤልቼ - ሪያል ማድሪድ 11:00 ድ.ቀ

**ሰሪኣ**

ኢንተር ሚላን - ኤሲ ሚላን 10:45 ድ.ቀ

**ጽባሕ**

ፕሪመር ሊግ
ማን ዩናይትድ - ኤቨርተን 11:00 ድ.ቀ

## ኣርሰናል፡ ብዘይ ማጋላሃስ . . .

ኣርሰናል፡ ኣብዘን ዝሓለፋ ኣርባዕተ ዓመታት ሓንቲ ካብ ንዋንጫ ዝወዳደራ ክለባት ፕሪመር ሊግ ክትከውን ዘኽኣላ ምኽንያት፡ ማስመር ምክልኻላ ድልዱል ብምዃኑ እዩ።

ብፍላይ፡ ናይ ማእከል ተኸላኸልታ ጋብርኤል ማጋላሽን ዊሊያም ሳሊባን ዘለዎም ጽቡቕ ልፍንቲ፡ ብቐሊሉ ሽቶ ንኸይምዝገባ ዕርዲ ኮይንዋ ኣሎ።

ብፍላይ ማጋላሽ፡ ኣብቲ ጋንታኡ ንኽትዕወት ከም ቀንዲ መሳርሒ እትጥቀመሉ ተተኣኻሊን ዝቐልዓ ኲዕሶታት ብርእሱ ጌጪዩ ሽቶ ናይ ምቕያር ልዑል ዓቕሚ ኣለዎ። ብርክት ዝበለ መዐወቲ ሽቶታት'ውን ኣመዝጊቡ እዩ። ዘለዎ ናይ መራሕነት ተራ እሞ፡ ካብቶም ጸለውቲ ተጻወትቲ ናይታ ጋንታ ክኸውን ኣብቂዕዎ ኣሎ።

ይኹን እምበር፡ ኣብዚ እዋን ካብ ኣህጉራዊ ግጥማት ማህረምቲ ሒዙ ብምምላሱ፡ ነታ ጋንታ ኣሻቒሊ ኮይኑ ኣሎ። ምኽንያት፡ ንሱ ኣብ ዘይህልወሉ እዋን፡ ዝያዳ ክትርታዕ ዘለዋ ተኽእሎ ስለ ዘዘይደ።

ኣርሰናል፡ ነዚ ብራዚላዊ፡ ኣብ መስከረም 2020 ካብ እተፈርሞ ንደሓር፡ ንሱ ኣብ ኣብ ዘጠኸረሉ ዘካየደቶን 30 ግጥማት ፕሪመር ሊግ፡ ኣብ 18 ክትዕወት ኣይከኣለትን። ስለዚ ናይ ሕጂ መጉዳእቲ ድማ ንሳምንቲ ካብ ጸወታ ስለ ዝርሕቖ፡ ሃሲያኡ ደጊሙ ክገጽብርቖ ይኽእል እዩ።

እዚ ጋንታ፡ ሎሚ ንቶተንሃም ድሕሪ ምግጣማ፡ ረቡዕ ንባየር ሙኒክ ኣብ ግጥማት ሻምፕዮንስ ሊግ ክትዕድማ እያ፡ ሰንበት 20 ሕዳር ከኣ፡ ኣብ ናይ ሊግ ጸወታ ናብ ቸልሲ ተጓዒዛ ናይ ለንደን ደርቢ ከቢድ ጸወታ ይጸበያ።

**ተረኛ ፋርማሲ**
ፋርማሲ ሰናይ
ቤት መሸጣ መድሃኒት ሰላም
ቤት መሸጣ መድሃኒት ኣስመራ

**ዕለት**
23/112025

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ

**ጎደና**
ጎደና ዓዲ ኣበይቶ ቁ,89፡ ትሕቲ ቤ/ት ማርቲን ሉተር ነበር
ጎደና ሰላም ቁ.47
ጎደና ሓርነት ቁ.93-95፡ ጥቃ መገዲ ኣየር ኤርትራ
ቁ.ቴሌፎን 127565

**ቁ.ስልኪ**
08370129
122350
120491